# *ህዝባዊ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ህግደፍ*
# *ሕማምዶ ጥዕና ህዝቢ ኤርትራ።*

## መድሃኒት ክንረክብ ሕማምና ንድሕሪት ተመሊስና ሃሰስ ንበሎ።

**ብመምህር ተስፉ ዘውደ።**

ኢሰያስ ኣብ መስገረም 1966 ኢዩ ንክጋደል ተሰሊፉ ዝብል መግለጺ ብተደጋጋሚ ተጻሒፉ ይንበብ። እዚ ነቶም ከም ዝተጋደለ ክሰምዑ ከመሓላለፍዎ ዝደልዩን መበገሲኦም እንበር ብቐረባ ንዝፈልጥዎ ኣይምልከትን። ክጋደል ወጺኡ ትብል መግለጺት፣ ከም ናይ ቃል ትንታኔ ጃምላዊን ሓባራውን ኣባሃህላ ተኸቲልካ ትፍንዋ ክትከውን ትኽእል። ኣብቲ ግብራዊ ትርጉማ ግን ጥልቕ ኢልካ ምስ ትኣቱ፣ እቲ ክጋደል ወጺኡ ትብሎ ሰብ ኣብ መምዘንን መሎክዕን ኣቐሚጥካ ብናይ ሓባር ታሪኻዊ ረቛሒ ጥራይ ኢያ ሓቀኛ ረቛሒት ትኸውን። ኢላ ኢላ እውን መደምደምታ መዕለቢታ ንሳ ኢያ። ንሱ እዘን ዓያሱ ይብለና ይኸውን። ስለ ሃገረን ክብላስ፣ ንዓይ ኢየን ተቓሊሰን እንተበለ ናይ ስሰዔኡ መግለጺ መብርሂት ከይትኾኖ ይሓባኣ። እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ኩሉ ዝተሰወአ፡ ዝሰንከለ፡ ወሳኒ ግማዕ ካብ ህይወቱ ዝወፈየ፡ ደቂ ዝኣለየ፡ ኣንጻር መግዛእቲ ዝመከተ፡ ተጋዲሉ ይበሃል ጥራይ ዘይኮነስ ሕሱም ገድሊ እንበር ተጋዲሉ ኢዩ። ዝደልያ እውን በጺሕዋ ነይሩ። ዘይበጽሓስ ነታ ሓራን ናጻን ክተውን ዝበሃጋ ሃገሩ ገበል ሒዙ ምእታዉ ኢያ።

ኣብ ናይ ቁጽሪ ዓውደ ትምህርቲ ጉዚ ኣብ ኣርባዕተ መሰርሕ ኢያ ትዋፈር። ምድማር፡ ሙጉዳል፡ ምርባሕ፡ ምምቃል። እታ ናይ ሓባር ረቛሒ ቀጥዒ ትፈትሕ፣ ንምድማርን ንሙግዳልን ጥራይ ኢያ ትምልከት። ምርባሕን ምምቃልን ናይ ሓባር ረቛሒ ኣይምልከተንን። ዝጋደል ሰብ ንሃገሩ የርብሕ፣ ንነብሱ ግን ይጉድል። ክልቲኤ ኣብ ተጋዳአይ ኢየን ብሓባር ዘገልግላ። ጽቡቕ ክትድምር ምስ ትደሊ ንናይ ሓባር ረብሓ ግን ወለንታዊ ጉልበትካን ነብስኻን ትውፊ። ካብ ትምህርቲ ካብ ስራሕ፣ ካብ ምሃንጽ ስድራ፣ ካብ ምዓብይ ድቅኻ ትሕረም። ጎዲልካ ማለት ድማ ንሳ ኢያ። ዕጥቃዊ ቃልሲ ከተዕብ ከለኻ ድማ ጽቡቕ ደሚርካ ንብሎ። ካብ ናይ ሓባር ረብሓ ወጺእካ ግን ጥቕምኻ ትውስኽን ተኻዕብትን ትብል ሕንጻጽ ተኸቲልካ ስልጣን ኮነ ክብርኻ ተዕብን ተርብሕን፣ ብረወሳኺ ንክትርብሕ ድማ ክፋል እንዳማትካ ትምንጭት ካብ ኮንካ ተጋዲልካ ዝብል ስም ኣይግባእን። መራሕ ሃገር ናብ ምግባት ዘድሃበ ተበግሶ መዲቡ ምስ ዝስለፍ ምርባሕ ጥቅሙ ከም መሰርት ኣንጺፉ፣ ነቲ ውጺኢትን ድምር ኣወንታዊ ፍረ ካብ ካልኦት ስለ ዝምንዝዕ፣ እተን ምርባሕን ምምቃልን ዝብላ ዓውደ ትምህርቲ ንበይኑ ወይ ንብሕቱ ይጥቀመለን። ትርጉም ገድሊ ወይ ተጋዳላይ፣ ገድሊ ናይ ውድብ መጸውዒ ይኸውን። ብናይ ሰዋሱ ኣዘራርባ ናይ ተጸውዖ ስም ንብሎ። ተጋዳላይ ድማ ነቲ ንሃገራዊ ቃልሲ ከሰላስል ዝተሰለፈ ስለ ዝረቑሕ፣ ንናይ ገድሊ መስርሕ ፈጻሚ ኣካል ዝወሃብ ናይ ተጸውዖ ስም ኢዩ። ምግዳል ድማ ናይ ምንቅስቓስ ዕዮ ከም ግሲ ይቐርብ። ምግዳል ቀጻሊ ዝንቀሳቐስ ክኸውን ከሎ፣ ንሕሉፍ ዝተፈጸመ ድማ ተጋዲሉ ንብል። ምግዳል ወለንታዊ ኢዩ። ንኢሰያስ ግን ናይ ትካል ምውናን ማለት ከም ሙቑም ብሕታዊ ጥሪትን ንብረትን ተባሂሉ ኢዩ ክጥቀስ ዘለዎ። እታ ውድብ ብሕታዊት ትካሉ ክትከውን ከላ፣ እታ ሃገርን ንብረቱ እቲ ህዝቢ ድማ ጥሪቱ ዝብል መግለጺ ኢልና ካልእ ክንህቦ እንኽእል መለክዕን ቀጥዕን ፈጺሙ የለን። ንኹሉ ማሕበራዊ መስርሕን ቅርጽን ዘይቅበል ስለ ዝኾነ ድማ እታ ኢሰያስ ተማሂሩ ትብል መግለጺት እውን ግግይቲ ኢያ። ብሓጺር እወ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ተኻፊሉ። ክመሃር ዘይኮነስ ሰንድ ናይ ምግባት ፍቓድ ንምውጻእ ኣመልኪቱ ነይሩ ይሓይሽ፣ መታን ንምግላጹ ምምዕራይ ክጥዕመና። ኣብ ናይ መንእሰይ ህይወቱ ሰሪሑን፣ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ተዋፊሩ ስለ ዘይፈልጥ፣ ንጻምኡ መግለጺት ወይ ዘበርከተላ ዓስቢ ናይ ሓንቲ መዓልቲ እውን እንተኾነ ደሞዝ ተቐቢሉ'ዶ ይፈልጥ ትብል ሕቶ? መልሳ ፈጺሙ ኣይተቐበልን። ከም ስራሕ ዘበርከቶ ስለ ዘየለ ደሞዝ ንኢሰያስ ባዕዳዊት ቃል ኢያ። እንተ ዝሰርሕ ነይሩ እንታይ ወይ ከመይ ዝበለ ኣወንታዊ ጽልዋን ነጸብራቕ መሕደረሉ ኢልና ምስ እንሓትት ድማ፣ ሓላፍነት ናይ ወለዱ፣ ናይታ ኣብ መጻኢ ክሃንጻ ዘለዎ ስድራ-ቤት ሓላፍነት ምስካምን ምውሳትድን ትርጉምን ምተሪድኦ። ኣቦን ኣደን ወይ ስድራቤት ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ እታ ዝነኣሰት ኣሃዱ ኢያ። ኣብኣ ድማ ብዙሕ ትመሃር። ስለዚ ሓላፍነት ስድራ-በት ምስካም ውጽኢት ኣለዋ። ምስካም ሓላፍነን ምምሕዳራን ከም ተመክሮ ኣባል ናይ ሕብረተ-ሰብ ከም ዝኾነ መብራሃትሉ። ሓልዮት ስድራ፣ ሓልዮት ወለዱን መቕረቡኡን እውን ንጠባዩ መተዓራረዮ። ናይ ንዋትን ናይ ገንዘብ ኣማቓራርሓን ምትኽኻል ምፈለጠ። ናተይ ገዲፉ ናህና ምለመደ። ብሓቂ ብጭቡጥ ኢሰያስ

ሰሪሑን ኣፍሪዩ ዓስቢ ናይ ዘበርከቶኡ ተቐቢሉ ኣይፈልጥን። ንኹሉ ክሕለፍ ዘለዎ መለክዒታት ዘሊሉ መራሕ ሃገር ክኸውን ዘይግባእ ጥራይ ዘይኮነስ ንኩላህና ተኻፊልቲ ናይ ዘይተመኮረ ሰብ ክንከው ኣብቂዑና።

እዚ ኩሉ ሓላፍነታዊ ሰኸማት ጸይሩ ስለ ዘይፈልጥን ስለ ዘየበርከተን፣ ዝህቦ መግለጺታት ኩሉ ንዝጻወር ክጻወር ዝበል ልምዲ ካበይ ትጠረ? ምስ ዔብ ሓዊስካ ከምኡውን ናይ ቀረባን ናይ ርሑቐ ጠመተ ዘየስተብህል ምኻኑ ዘገርም ኣይኮነን። ናይ ንእስነት ዕድመ ምስ መዛንኡ ስለ ዘየሕለፈ ሓደ ዓቢ ብርኪ ሕብረተ-ሰብ ተሰይርዎ። ዓቢ ናይ ጌጋ ዝላ ይብልኹም ንሳ ኢያ። እታ ተሓቢኡ ኣብ ሜዳ ዝፈጽማ ዝነበረ ፍትወተ-ስጋ ኣስመራ ምስ ኣተወ ከም ወዲ 18 ነታ ከተማ ኣይትጹርኒ ኢልዋ። ናይ ኣደ፣ ናይ ኣቦ ዝህብዎ ማዕዳ ዘይቀሰመ ሰብ፡ ሓሳብ ክህብን ክቕበልን ዝብል ምልውውጥ ርእይቶ ኣይተመኮረን። ምክብኻብ ወለዲ ካብ ዘየበርከተ፣ ናይ መሓዙት ምትሕልላይ ሃባን እንካን ዝብል መለክዒ ከም ሚዛን ካብ ዘይመዘነ፣ ኣብ ቤተ-ሰብ ዘጋጥም ሓጎስን፣ ሓዘንን ብብምፍርራቐ ዘጋጥም ናይ ደስታን ጓህን ኣይተሞኮረን፣ እሞ ከመይ ገይሩ ቅርዕው ስምዒት ክህልዎ ኢልና ንጽበ። እኩብ ንብረት ጆጋኑ ዝኾነ ንሓደ ሰብ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ድሙር ጥረ ባጤራ ኣብ ትርእሱ ጌጋ ኣብ ልዕሊ ጌጋ ክድጽም ዝደፋፍእ ንዋይ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ኮይንዎ። ሓንቢጡ ሰኺሩ ፈጊኡ ሳዕሲዑ ዕድመ ንድሕሪት ተመለስ በለን ወሰንን። መስኪን ኢዩ፣ ብሽዳ ይከይድ፡ ኣብ ሓደ ተራ ዝኣትዎ ሰብ ይኣቱ ተባህለ። ምቕሉል (Simplisity) ዝብል መግለጺታት ዘነበ ወሓዘ ኣዕለቕለቐ። ንሱ ድማ ለካ ኣብ ቅኑ| ጎድና ኢየ ዘለኩ ስለዚ ንቅድሚት ክምርሽ በለ። እወ ሓደ ግዜ ኣብ ማርሳ ተኸላይ ናይ ኣንበጣ ምክልኻል ዝንፋሕ ዲዲቲ ዝመጸት ናይ ጽዕነት መኪና፣ ከነራግፍ ከለና ጠራሙስ ዊስኪ ሒዛ ብምርካብና፣ ነቲ ዘዋር መኪና እዚ እንታይ ክገብር ኣብዚ ትጻዒኑ እንተ በልናዮ፣ እዛ ጉድ እንተ ወጺኣ ኣነ ክቐንጸል ኢየ፣ ስለዚ ኣህሊፉኩም ኣይትሃቡኒ ክብል ኣእወየ። ንሕና እውን ማሕዩር እጉዳት ስለ ዝነበርና፣ ስመይ ከንውሩ ክብል ኣእትዩ ንሞት ምፈረደና። እቲ መስከን ዘዋራይ ግን ነዊሕ ከይጸንሐ ንሱዳን ኢዱ ሃበ። ሎሚ ስሙ ምጥቃስ ኣብ ህይወቱ ምፍራድ ስለ ዝኾነ ዓቂበዮ ኣለኹ። በዓል ሙስጠፋ ኑርሐሴን ከም ሓደስት ኣብቲ ናቱ መርበብ ኣትዮም። ሎሚ እውን ካብ መንደፈራ ንሳንጆርጆ ውጽእ ኢላካ ኣብ መስመር ዓዲ-ኳላ ዘላ ባር ብሓባር ምስ ሙስጠፋ መጻናቕቲ ኮይኖም ኣለዉ። ዝሓለፎ ኩለ ንድሕሪት ሰዓት ግዜ መሊሱ ሀ ክብል ጀሚርዎ። መንእሰያት ከም ዝበደልዎ፣ ኣብቲ ሰዊት ዕድመኦም ኣብ ክንዲ ትምህርቲ ዝመሃሩ፡ ኣብ ክንዲ ትሕቲ ስድርኦም ማሕበራዊ ህይወት ዝቐስሙ፣ ሳዋ ትብል ብልሓት ኣውጺኡ፣ ሽማግለታትን ዓበይቲን ንዓይ ካብ ዘይተዕብዩኒ፣ ምዕባይ ደቅኹም ኣይተበኞዑን ኢኹም ኣሞ፣ ደቅኹም ወዶም ጓሎም ኣነ ከዕብዮም ኢየ ክብል ወሲኑ። መስኪን ኣይተሞከርንዶ ክንብል ወይስ መስኪነይቲ እዛ ሃገር ዕድል ኣይገበረን ምባል ይሓይሽ። እታ እንኮ ዝተመኮራ፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ትረከብ እሞ ብፍላይ ኣብ እዋን ፈተና ካብ መምህር ተኣሪማ ትቐርብ ዓስቢ ፈተና ምስክር ትምህርቲ ኢያ ምስክሩ። ንሳ እውን ኣብ ገሊኡ ዘባህርራ ብርክት ዝበላ ነጥብታት ስለ ዝነበረን፣ ምስ መማህራኑ ቅርሕንትን ጽልእን ኣኸቲለን ከም ዝቐንእ ገይረንኦ። ንፉዓት ተመሃሮ ይጸልኦም ምንባሩ ይዝከር። እዝን ከምዝን ዘበለ ጉዕዞታት ከኣ ኢዩ ግዳይ ናይቲ ዝሓለፎ ስብርባር መድረኻት ህይወቱ ዝጸለዎ። ጽላው ሰብን መግለጺቱን ድማ፣ ርትዓዊን ኣብ ጭብጥታት ዝኣምን ፍጡር ክከውን ኣይክእልን። ኢሰያስ ሓንቲ ኣዝያ ብቑዒ ክእለት ኣላቶ። ጉድለታቱ ከይረአ ምሕባእ። ቅንኢ ቀንዲ መለለይት ባህሩ ኢያ ነይራ። ንብረቱ ሃገር ካብ ኮነት ድማ እታ ንብረቱ ከም ድላዩ ክቕይራ፣ ነቶም ናይ ምቕያር ዓቕሚ ዘለዎ ሰባት እቲ መቐየሪ ነጥብታት ንዕኡ ክህብዎ ኣለዎም። ብናቱ ኣገላልጻ ድማ መሪሕነት ዝህቦ ትእዛዛት ብቕጽበት ዝትግበር፣ ብፍላይ ካብኡ ከም ዝቦቐለ ክጥመት ከሎ ውጽኢታዊ ይኸውን፣ ስለዚ ኣነ ከም ዝመሃዝክዎ ክስማዕ ከሎ ይበልጽ ዝብል እምነት ከም ዘሕድሩ ይገብር። ኣብ ናይ ብሕቱ ባህግን ድለትን ዝተቐርጸ ስእሊ ገይሩ ክቐብኣ ይመርጽ። ካልኦት ብሉጻት ሰባት፣ ልዕሊኡ ህቡባት ካብ ምርኣይ ህይወቱ ከተብቅዕ ይመርጽ።

ታሪኽ ይትረፍ ካብ ዝሓለፈን ብተኸታታሊ ዝሰዓበን፣ ንመጻኢ እውን ሚዛን እንታይ ክገድፍን እንታይ ከንጽፍን ዝበሃል ኣመት የብሉን። ህዝቢ ወይ ከባቢ ዝብላ ኣምራት ኣብ ሓንጎል ኢሰያስ ካልእ መለክዒ ኣለወን። ኩሉ ከም ዝጸልኦ ገይሩ ስለ ዝግምት ድማ ሕነ ንምፍዳይ ይብገስ። ሓሳባቱ ዘይሸጠሉ ሰብ ጸላኢኡ ኢዩ። ስጉምቲ ክወስድ ድማ ድሕር ኣይብልን። ካብዚ ባህሪ ተበጊሱ ድማ ምስ ዝቐረቦ ሰብ ክበኣስን ክንጽልን ግዜ ኣይወስድሉን። ብሓፈሽኡ ኩሉ ከም ዝብድሎ ገይሩ ስለ ዝወስድ ተጣራጣሪ ኢዩ። ጸገሙ ብናይ ስነ ኣእምሮ ሓካይም ዝፍታሕ ክኸውን ምኽኣለ። ሃገር ምስ ከምዚ ዝበለ ሰብ ስለ ዘላ ከመይ ገይራ ትናገፍ ህጹጽ ስጉምቲ

ንድሕነት ሃገር የድሊያ ኣሎ። ግዜ ድማ የለን። እዚ ባብዕለቱ ሃገሩ ጸሊኡ ዝበርስ ዘሎ መንእሰይ ሃገርና ሰዓት 23.55 ወይ 5 ጎደል በጺሓ ከም ዘላ ምዝካር የድሊ። መንእሰያት ንኢሰያስ ኣዝዮም ኢዮም ዝጸልእዎ፣ ይኹን እንበር ንዓና ንስኹም ኣምጺእክሞ፣ ትጽመምዎ ነርኩም ዝብል ቀጻሊ መረረ ኢየም ዘስምዑ። ንሓድሕድና ሓድነት ካብ ዘይመስረትና ኣባሃህለኦም ሓቂ ኢዩ ምባል ጉጉይ ኣይኮነን።

*ኢሰያስ ከም መራሒ ኣብ ምምሕዳር ተመክሮኡ እንታይ ክኸውን ነይርዎ?*

ኣብ ህዝባዊ ባይቶ ሽግራትን ወጥርን ክፍታሕ እውን ኣይዓበየሉን። ሽማግለታት ኣብ ከከባኢኦም ንዝተባእሱ ከተዓርቑ፡ ንዝተፈሑ ሓዳሮም ከይፈርስ፣ ደቆም ክይበታተኑ ብጥቦቦም ናብ ንቡር ክመልሱ ኣይተመለከትን። ህዝብና ሕግን ስርዓትን ከም ዝነበሮ ምስማዕስ ሰሚዑ ነይሩ። ግን ክቐበሎ ኣይፈቀድን። ናይ ሓባር ውጽኢት ስለ ዘቐርቡ፣ ኢሰያስ ፍታሕ ንዝግዘኣሉ ተጠቂሙ ክድርቢ፣ ንዝተሓሰመ ድማ ክቕንልጽ ዝመደ ስለ ዝኾነ፣ ሰላማዊ ፍታሕ ዝእምት ስለ ዘይቅበል፣ ንሕጊ ቀዳሞት ወለድና ይነጽግ። ብዘበናዊ ሕግታት ዓለምሥ ሓደ ዜጋ መሰሉ ተሓልዩ ክመርጽን ክመርጽን፣ ሃገራዊ ጉቡእ ከማላእ ዝብል መግለጺታት እቲ ቀንዲ ሕማሙ ስለ ዝኾነ ይትረፍስ ከተግብሮ ከንብቦ እውን ኣይብህግን። ኣብ ናይ ምምሕዳር ቅርጺ ሓገግቲ ኣካላት፣ ነታ ብህዝቢ ዝተመርጸት መንግስቲ ናይ ኣመራርሓ ሕግን መስመርን ክቐይሱ ዝገልጽ ኣሰራርሓ የባህርሮ። ከም ፈጻሚ ኣካል ድልየት ህዝቢ ብናይ ባይቶ ዝተመርጹ ናይ ባጀት፣ ናይ ሞያዊ ገምጋማት ዝልክዑን፣ ናይ ጥዕናን፣ ትሕተ ቅርጽን፣ ህንጸትን፣ ናይ ዝተወሰነ ዓመታት ሃገራዊ ምዕባለ ብመደብ ዘንብሩ ክኢላታት ዘስፈርዎ መምርሒ ኣይቅበልን። ንዝተሓንጸጸሉ ኣሰራርሓ ዝጠሓሰ መንግስቲ፣ ንመራሒ ብፈራዲ ኣካል ኣቕሪብካ ናይ ዝፈጸሞ ጌጋታት ተሓታቲ ክትገብሮ ዘፍቕድ መቆጻጸሪ ናይ ሞት ሞቱ ኢዩ። ህዝቢ ካብ ክምራሕ ሓሊፉ ምቁጽጻር ዝገብር ኣካል ከቕውም ፈጺሙ ንዜጋታት ዝግደፍ ሓላፍነት ምሃብ ዘይዓቕሙ ኢዩ ዝብል መስመር ጥራይ ይኸተል። ህዝቢ ከም ንህቢ ሓደ ዝዓይነቱ ገርካ ክትሃንጾ ኣለካ። ናጽነቱ ካብታ ቆፎ ዘጻላን ዝኣትወላን ካልእ ዝንቀሳቐሰሉ መስመር የብሉን። መዓር ከፍሪ ኣለዎ፣ ግን መዓር ክምገብ ኣይፍቀዶን። ፍጡር ሓሚሙ ክሕከም ወይ ካብ እቶቱ ወጻኢ ገይሩ ሞያዊ ሓልዮት ክረክብ ኣየፍቅድን። ሕክምና ድሩት ዓቕሚ ክህልዎ ኣለዎ። ሕማም መፋጥርቲ ዜጋታት ስለ ዝኾነ፣ ህዝቢ ክሓሙ ግቡኡን መሰሎምን ይብል። ማእቶት ኣብ ዝፈርየሉ ዝሕፈሰሉን ኢዱ ኣይሓወሰን። ክሕውስ እውን ኣየድልዮን። ክፍጠር ከሎ ኩሉ ንዕኡ፣ ብዘይክኡ ካልእ ዝኸውን የልቦን። ባዕሉ ብሞይኡን ዘጠራቐመ ብሕታዊ ዋንነት እጥርዩን፣ ነቲ ዘጥረየ ብጥንቃቐ ክሕዝን፣ ዘዋህለሎ መኽሰብን ክሳራን ክግምግም ኣይህቅንን። ኣየድልዮን ድማ ኩሉ ናቱ ኢዩ። እንታይ ኣሎ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘይናቱ። ዝኸስቦ እነበር ዝኸስሮ ክሳራ የለን። ክሳራ ንኻልኦት ኢያ ትምልከት። ኮታ ናይ ሓደ ካብ ንእስነት ወጺኡ ቅኑዕን ጌጋን ፈልዩን ኣነጺሩ ዘይሓንጸጸ፣ ብድልየቱ ዝነቀሳቐስ ጥራይ ዝሕለፍ ባህርያዊ መስርሕስ ኣንፈትን ሓሊፉ ምምዕራይ ትብል ቃል ተጠቂሙላ ኣይፈልጥን። ንዕኡ ሕብረተ-ሰብ ክበሃል ከሎ ከም እምኒ፣ ሓመድ፣ ከም ዝድህሰስ ባህርያዊ ነገር ጥራይ ኢዩ። ናይ ሕብረተ-ሰብ ሓርፋፍን ልሙጽን፣ ናይ ዋዕን ዛሕልን ምልልዋጥ ኣይምልከቶን። ንዕኡ ጥራይ ኣይውዓዮ ኣይቐረሮ። ብዘይካ ናቱ ህዋስ ካልእ ሰብ ህዋስ ዝበሃል የብሉን። ናይ ካልእ ስምዒት ከም ዘሎ ካብ ዘይኣምን ከመይ ገይሩ ክርዳእ ንጽበ። ብሓጺሩ ናይ መጀመርያ ሓደ ኢሉ ነብሱ ክኽእል ዝረኸባ ዕድል እታ ምስላፍ ትብል ኣምር ጥራይ ኢያ። ንሳ እውን ቀልጢፍካ ትረከብን፣ ብቕልጡፍ ድማ ናብ ትደልዮ ተሰጋግር መሳልል ከም ዝኾነት በሪሃትሉ። ኢሰያስ መንነቱ እንተዘይ ኣጉዲለ ኣይወሰኽሉን። ኣብቲ ከክፉኡ ማለተይ ኢየ። ጽብቕ ዝነበብ ግን ፈጺሙ የብሉን። ንጸታዊ ፍቕሪ ዘትሕዝ ጉብዝና እሞ ክንደይ ኮለል ዘየበለ። ብሕልሚ ዝፍታሕ ሓማም ጥራይ ኢዩ። ክሓልማ ዝደለያ ከምቲ ,,ድኻስ ብሕልሙ ጠስሚ እንተዘይ ሰትስ ከርፊሑ ምሞተ“ ዝበሃል ምስ ማለተይ ኢየ። ምስ ደቂ ደቁ ዝዝሙ፣ ነቶም ጽዩቓት መሻርኽቱ ልክዕ ኣብነቱ ክኽተል ገዝርዎም። በዓል ተኽላይ ሃብተስልሰ ምስ ደቂ ደቆም ኣዋልድ ካብ መንእሰያት እንዳ መንጠለ፣ ሎሚ በዓል ተኽላይ ሒዝኩም ትኣትዉ፣ ዝብል ሕቶ የቕርቡልና። ውጩ መስኪን ኣብዑር ገባር ሽይጡ ዝኣተወ ምስኦም ኣብ ዘይዓቕሙ ክወዳደር ተግባሮም የጋልጾም።

ኢሰያስ ስለምንታይ ክስለፍ መሪጹ። ዓመጽ ትብል ቃል ስለ ዝፈትዋን፣ ንዝዕምጸካ ብዓመጽ ጥራይ ከም ትኣልዮ ትብል ፈትይዋን ተረዲእዋን። እወ ዝኾነ መንግስቲ ንገበነኛ ብሓይሊ ኢዩ ዘንበርክኾ። መንግስቲ ኣንጻር ዓመጸኛ ኢዩ። መንግስቲ ሓይሊ ትብል ቃል ዝመረጸ፣ እቲ ገበን

ዝኸተል ሰብ ዓማጺ ስለ ዝኾነ ኢዩ። ፍትሒ እውን ኣንጻር ገበነኛ ቅልጽማ ተሐይል። መጀመርያ መረዳድኢ ባይታ ትፈጥር። ንኢሰያስ እታ ሓይሊ ትብል ቃል ካብ ፍትሒ ፈልዩ ኢዩ ዝርድኣ። ብሓይሊ ትብል ቃል፣ ጽቡቕ ገይራ ትርድኦ። ዘይትርድኦ እታ ፍትሒ ትብል ቃል ጥራይ ኢያ። ፍትሒ ትብል ናይ ድኹም ብኽያት ኣውያት ጥራይ ኢያ ይብል። ስለዚ ኣብ ሕልሙ ክበጽሕ ክዓጥቕ ኣለዎ። ናይ መጀመርታ መበገሲት መስርሑ ትኸውን። ዕጥቂ ተዓጢቕካ ንጸላኢ ምንብርካኽ ትብል ዛዕባ ኣርውያቶ። ንኻልኦት ጸላኢ ትብል ኣተራጉማን ንኢሰያስን ፍልልየን ዕቢ ኢዩ። ብናይ ተገዳላይ ኣተራጉማ ጸላኢ ትብል ቃል መግዛእቲ ኢያ። ንኢሰያስ ግን ጸላኢ ክበሃል ከሎ ኣብ ውልቃዊ ረብሓኻ ዝዕንቅፍ ሰብ ኢዩ። ገዛኢ ትብል ቃል ትበርሃሉን ትሰማምዖን። ህዝባዊ ትርጉማ ግን ክልወጥ ኣለዎ። ገዛኢ ንሓደ ጥራይ ኢያ። ኣብታ ትካልካ ገዛኢ ጥራይ ኢዩ ቦታ ዘለዎ። ህዝቢ ተገዛእቲ ጥሪት ኢዮም። ናይ ሓባር ምምሕዳር ትበሃል ቃል ሓሶትን ዘይትብጻሕን፣ ብዝለዓለ ድማ ንውልቃዊ ርብሓ ዘይተገልግል፣ ናይ ሕንፍሽፍሽ መሰረት ኢያ ንዕኡ። ጽዕነት ኩሉ ብገመድ ወይ ብመአከቢ እንተዘይ ተጻዒኑን ተኣኪቡን ፋሕ ከም ዝብል ፍሉጥ ኢዩ። ብቐደሙ እውን እኮ ፋሕ ዝበለ ጠሚርካ ጽዕነት ኢዩ ዝኸውን። ኩሉ ክትረክብ ተዓዊቲ ኩን (The winner takes all)። ካልእ መርገጺ እንካን ሃባን ዝብል ናይ ቁልማጸ ሕቶ ንተንበርካኺ መጸናንዒት ኢያ። ኣብታ ትካልካ ዝምርሑ እንበር መራሕቲ ክህልዉ የብሎምን።

እንስሳታት ኣብ ሰለስተ ይመቐሉ። ቀዳማይ እንስሳ ዘቤት። ካልኣይ እንስሳ ዘግዳም። ሳልሳይ ድማ ኣራዊት። ምስ ሰብ ዝነብሩ እንስሳ ዘቤት ይብሃሉ። እንስሳ-ዘግዳ ኣብ በረኻ ማእሪሮም ሳዕርን ፍረታትን ይበልዑ። ኣራዊት ዘየፍረይዎን ዘየጥርዮምን ሃዲኖምን ቀቲሎምን ስጋ ይምገቡ። ንኢሰያስ ኣበይ ትምድብዎ ንዓኹም እገድፈልኩም። ንዓይ ግን እቲ ኣፍርዩ ዘይፈልጥን ዘየጥረየን ግና ጥሪት እንዳማቱ ሃዲኑ ዝምገብ ኣራዊት ካብ ኩሎም ዝኸፍአ ስሱዕ ኢዩ በሃላይ ኢየ። ኣብ ባህሪኡ፣ ኣብ ጠባዩ፣ ኣብ ኩሉ ተግባሩ ምትሕልላይ፣ ለውሃት፣ ፍትሒ፣ ናይ ሓቢርካ ምንባር ዝብላ ኣምራት ጓኖት ኢየን።

ቆልዑ ከለና ናይ እምነትና መረጋገጺት ጸጸር ንውሕጥ ነርና። ወለድና ጥልመት ከም ጽይፍቲ ተስካሕክሕን ገይሮም ምሂሮምና። ስለዚ ክይንጠልም ጸጸር ንወሓሓጥ። ሙሴን ድሩዕን ድማ ምስ ኢሰያስ ብደም ተመሓሒሎም። ኣብ ቀላጽሞም ,,E“ ትብል ጽሕፍቲ ሓንጢጦምን ተመሓሒሎምን። ዕርክነት ገንሸልን ቶኽላን ይብልኹም። ግን ዝገደደ ድማ ብጻይነት ዝራብዓትን ዝብእን እንተ ዝበሃል ዝበለጸ ሓቐኛ ክከውን ምኸኣለ። ሙሴን ዱርዕን ጥልመት ከም ጽያፍ ገይሮም ስለ ዝወስድዋ ብደም ንማባጻዕ ኢሎሞ፣ ንሱ ግን ማሕላ ንመን ቀተለ ዝብል ስውር ስምዒቱ ገቲኡ ተቐበላ። ሕራይ ይበል እነብር ሕድሩ ጠሊሙ።

እሞ ኢስያስ ኣይተጋደልን ካብ በልካዮ፣ ኣንታይ ክትብሎ ደሊኻ? ትብሉኒ ትኾኑ። እስከ በተን ፍሉያት ተግባሩ ክጅምር። ኣየናይ ኣራዊት ኢዩ፣ ውሳኔኹም ክጽበ ኣለኒ ዝብል? ክበልዓኩምዶ ክገድፈኩም እንዳ በለ ርእይቶ ዝህብ ኣራዊት ኣሎዶ? ንሓደ ብዕራይ ክበልየዶ ወይ ክነብር ክገድፎ ኢሉ ርእዮቶ ዝሓትት ሰሚዕኩምን ርኢኹምንዶ ትፈልጡ? ኣብ ትሕቲኡ ዝኣተወ ተቐቲሉ ክመውትን ከብቅዕን፣ ብዘይ ፍርዲ ክጠፍእን ኣለዎ። ኣብ ግዳም ዘለዋ እንስሳታት ዘግዳም ድማ ኣራዊት ሃዲኑ ከም ዘብርስን ዘጥፍእን ኩለን ይፈልጣ ኢየን። ካብቲ ጨካን ኣራዊት ድማ ይሃድማ። ኩለን ይህደማ፣ ሓንቲ ግን ትተሓዝ ትብላዕ ድማ። እተን ዘይተታሕዛ ሳላኣ ኢና ድሒና ዝብል መግለጺ ይህልወን ይኸውን። ግን ንጽባሒቱ ምህዳኑ ዘይተርፍ ኢዩ። ንኹለን ሸውሃቱ ክትነብር ብላዕ ስለ ዝብሎ በብሓደ የርክበለን። ቀርኒ ዘለወን፣ ጉጭ ዝዓጠቓ ይምጅረጣ። ሰባትከ ከምኡ ዲዮም? ኣሓቶምን እሕዋቶምን ተሃዲኖም ምስ ተወስዱ ብኡኡ ኣቢሎም ክጠፍኡ ስቕ ኢሎም ኣጽቂጦም ንዘይፍርዳዊ ጥፍኣት ይቕበሉዶ? ኣብ ዓለም ከምዚ ናህና ብዘይ ፍርድን ፍትሕን ዝቕበል ህዝቢ ዶኾን ይህሉ ይኸውን። ሰብዓን ሓሙሽተን መንእሰያት ብዓሳ ክብልዑን ክበርሱን ከለዉ፣ ከም ዘይተፈጸመ ከጽቕጡን፣ ሰማንያን ሓሙሽተን ዜጋታት ሓብቶም እንዳ ተጠብሕትን ህይወታ እንዳ ጠፍኣን እሞ ኩሊታ ንመሸጣ እንዳ ተኀዘየ ስቕ ኢሎም ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ዝካየድ ፍጻሜ ዝቕበሉ ህዝብስ ይህልዉ ዶኾን? ኩሎም እቶም ሪኦም ከም ዘይረኣዩ እወ ኢስያስ ኣብ ደምበ ዘዕበዮም እንስሳታት ክኾኑ ይኽእል'ዶ? እሰያስ ኣይተጋደለን። ዝተጋደል መራሒ ደቂ ህዝቢ ክጠፍኡ ከለዉ ባንዴራ ፍርቂ ንወርሒ ምሉእ ምሰቐላ። ንሱ ካብኡ ዝሃደሙ ኣራዊት ይብልዓዮም በሃሊ ኢይ። ኣራዊት ኣሕዋቱ ኢዮም። ክዳን ናይ ተኸድነ ሰብ ኢዩ ክንብል የምሕርልናዶ?

ጉዙኣቱ ኮይኖ ዝዋፍሩ፣ ትእዛዛቱ ዘተግብሩ ዝተግሁ፣  እሺ በሃልቲ ሓርዩን መልሚሉ የዕብዮም። እቶም ተለኣኽቱ ብዘይ ገለ ሕስይስይ ዝፍጽሙን፣ ገለ ሓለፋታት እንዳ መጠወ ዘንብሮምን ኢዮም። ኣብ ንሓድሕዶም ርክብ ዘይብሎምን፣ እንተ ተራኺቦም ድማ ጸብጻባት ምምሕልላፍ ናይ ተኣማንነቶም መረጋገጺ ይኸውን። እቶም ቀንዲ መሳርሕቱ ካብ ስነ-ምግባርን ጽፈትን ዘዘውቱሩ ክኾኑ ኣይምረጽን። ግን ጽፉፋት ክመስሉ ዝወሃቦም መምርሒ ኣሎ። ጭካነ ቀንዲ መሳሪሒኦም ኢዩ። ንሱ ለዋህን ሓላይን ከም ዝኾነ እንዳ ገለጹ ብሓቅነቱ ተሳሒቦም ከም ዝዓሙ ግይሮም እውን ይኣምኑ። ሓንጎሎም ሓጺቡ፣ ጸሚቑ፣ ሰጢሑ፣ ኣንቂጹ፣ ተኩሶ ይጥቀመሉ። ንመኖም ኣበይ የዋፈር ናበይ ይምድብ ብሕታዊ ውሳኔኡ ኢዩ። ንነዊሕ ርሕቀት ከም መንገዲ ባቡር ማዕረ ማዕረ ይጎዓዙ ግን ኣይራኸቡን። ዝንባሌታት ክህልዎም ናይ ግድን ይኸውን። ብዝንባሌታትን ዝንቡዕ መንገዲ ዝተላዕጠጡ ኢዮም እቶም ተንበርከኽቲ መሻርኽቱ። ሓቕን ጽፈትን ዝብል ተደጋጋሚ መግለጺታት የዘውቱ። ኣገልጋል ሓቂ (Serving the truth) ትብል ቃል ትደጋገም ። ተደጋጋሚ ሓሶት ሓንቲ መዓልቲ ሓቂ ኮይና ትቐርብ ዝብል ኣምር ንምግንጋር ወሳኒት ጭርሖ ኢያ። እታ ሕብእቲ ጽፈቶም መእሰሪቶም ኢያ። ገለ እንድሕሪ ብሓቂ ከተርግምዋ ጀሚሮም ጸገም ተፈጢሩ ኣሎ። ጽፈት ማለት መሕብኢ መዝገብ እንበር ዕለማ ማለት ግን ኣይኮነትን። ጽፈት ዘንብቡ እንበር ዘተግብሩ ኣየድልይዎን። ብድሕሪት እንታይ ይንበብ ካልእ ጉዳይ ኢዩ። ንዕኦም ውን ብሩህ ተስፋ ዝበሃል የላን። እታ ገመድ ክሳብ ኣብ ክሳዶም ትኣቱ ድማ ናብኦም ከም ትዝንቢ ኣይግምቱን። ክግመቱ ስለ ዘይፍቀዶም። ካልእ መረጋገጺ ምስ ትደልዩ መሻርኽቱ ዝነበሩ ኣብ እርጋኖም ኮብሊሎም ይነብሩ ኣለዉ።

<u>ፍልልያት እሙን፣ ፍርቂ እሙን፣ ዘይእሙን ናይ ኢሰያስ።</u>

ሓደ ካብቶም መራሕቲ ከም ኣብነት ክጠቅስ። ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ካብ ኢሰያስ ኩሉ ድልየቱ ዝረኸበሉ ክድምና ኢዩ መሪጹ። ንነዊሕ ጠሚቱን ዘርብሖ ሰብ መን ሙኧኑ ንምግምጋም ግዜ ኣይወሰደሉን። ሓንሳብ እታ ናይ ረብሓ ጋቢ ምስ ተኸድና ኣየውረዳን። ከም ስብሓት ኤፍሬም ኣብ ፈተና ኣይወደቐን። ስብሓት ከም ሰላይ ኣብ ቀዳመይቲ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኮነ ኣብ እታ ቁጽሪ 3 ከም ሰላይ ኣገልጊሉ። ዘይፈለጥዎ ኢስያስ ካብ 1966 ጀሚሩ ናይ ብሕቲ ትካል ክተክል መሪጹ። ኣብ ጀብሃ ዝብሕታ ቦታ ኣይረኸበን። ብመጀመርያ ዝርገሐ ዘለውን 4 ክፍልታት ኮይነንኦ። ብመጀመርያ  ሓንቲ ጋንታ መጣልዒት ተደልዩ። እታ ሰልፊ ናጽነት። ንጥምረት ድማ ዝመበገሲኡ ካብተን 4 ሓንቲ ነጺሉ ክኸስብ መዲቡ። እታ ቁጽሪ 4። ንሳ መዛምድ ክትኮኖ ቋንቋ ከጽንዕ ኣለዎ። እወ ኣጽኒዑ ድማ። ብመጀመርያ ነታ ቁጽሪ 4 ክውሕጣ እታ ምስኡ ዝተነጸለት ናይ 5ይ ክፍሊ ደው ክትብል ይግባእ። ብግዝይኡ ንገለ ምሁራት ይጥቀመሎም። ግን ጽልኢን ምጥርጣር  ከሕድሩን ክብህሩሩን  መዲቡ። ነት ብመንግስት ኢትዮጵያ ክትፈላልየን ዝመሃዘታ ፈልያ ኣስልም ክትቀትል ዝጀመረቶ መፈልልይ ሜል ብስዉር ከም ትርብሖ ኣስተብሂሉሉ። መገመርያ ዘረሓሕቖም ቦታ ትፈላሊ። ደሓር ዓራቒ ኮንካ ትቐርብ። ክልተ ባላ ትኸል፣ እቲ ሓደ እንተ ወደቀት  በቲ ካልኣይቲ ተንጠልተል ትብል ሜላ። ክሳብ መፋርቕ 73 ኩላ እታ መደብ ከይዳ። በቲ ሓደ ኣልኣሚን ተደራቢ ናይ ዓሊ ሰይድ ተወዲቦም። በቲ ካልእ ድማ ከም ሓዲሽ ስብሓት ኤፍሬም። ክሳብ ሎሚ የእዳዎም ብደም ጨቂዩ ይፈርሑ ይብህሩሩን ኣለዉ። ፍቂሪ ክሳብ ቀብሪ፣ ይብሉኹም እዚኣ ኢያ። ትካል ዝበላ ትዓብን ትዕንብብ ጀሚራ። ስለዚ ፎርምላ ኣውጺኡ ክተኸላ ድማ ናይ ሓንቲ ሃገር ቅዲ ከም ኣብነት መሪጹ። ኣሰራርሓ ሶቭየታዊ ስታሊንን። መበቆል መሪሕነት ካብ ውሽጢ ሃገር ክሳብ ቁጠባዊ ዓቕሙ ክብ ዝብል ብውሑዱ ክልተ ፍሉያትን ፍልይ ዝበሉን ክኾኑ ኣለዎም። ድዝወሩ መሪሕነት። እዛ ትካል ኣብ ምምርሓ ዘድልይዎ ኣካየድቲ ከመይ ዝበሉ ክኾኑ ኣለዎም ብሓንሳብ ዘማዕበሎ ሕንጻጽ ሒዙ ኣይተበገሰን። ግን ኣብ ውሽጢ እታ ትትከል ዘላ ትካል፣ ድኽመት ዘለዎም፣ ብድኽመቶም ድማ ስለ ዝረዓዱ ሓንሳብ ምስ ተጸግዕዎ ዘይጠልምዎ ክኾኑ ኣለዎም። እወ ኣልኣሚንን ስብሓትን። ክልተ ክፉላት ናይ ሓንቲ ባልዶንጋ።

ኣብ ሃገራዊ ቅርጺ ምቕራጽ ኣብነት ዝኾኖ ኣመራርሓ ከም ስታሊን ዝመሳሰል መንገዲ እዩ ቀይሱ። እቲ ፍልልይ ከም ዓይነት ዝፍለየሉ መዐቀኒ እውን ኣለዎ። ቀንዲ ፍልልይ ናይ ክልቲኦም ስታሊን ክመርሓ ዝደሊ ሃገር ዓባይን ሰፋሕን  ክትከውን ከላ፣ ብስልጣኔ ምስ ኤውሮጳ ምትእስሳር ዘለዋ፣ ናይ መሬት ጸጋታት ድማ ናብ ምብራቕ እንዳ ኣስፋሕፍሐት ንኣሲያ ገጻ ከተስፍሕ ዝወሰነት ነይራ። ሩሲያ ብነጋውስ ትምራሕ ናይ ዛር ዲናስቲ (ስርወ-ስርዓት) ዝነበራ ሃገርውን። ናይ ኢሰያስ ድማ ኣፍሪቃዊት ሃገር ግን ካብ ናይ ዘርኢ ሱር ምስ ዓረባዊ ክፍለ ዓለም መቦቀል ዘለዋ ኤርትራ ኢያ። እንተ ንምስፍሕፋሕ ብናተይ ጸብጻብ ናብ ኢትዮጵያ እንተ ተኻኢሉ እውን

ንሱዳን ዝሓለነ ዓንዳሪ ሕማም ኢዩ ነይርዎ። እዝን ክንድዝን ተደራራቢ ሕማም ንምርዋይ መበቆል ቀይሕ ባሕርን ንደቡብን ምዕራብን ዝጠመተ ሕውስዋስ መሪሕነት ከቕውም መሪጹ። ስለዚ እቶም መሪሕነታት ካብቲ ዘስፍሕፋሓሉን ኣገዲዱ ምስ ናቱ ግዝኣት ዝዋፈሩ ልኡኻት ዝኾኑ ግን ብሕታውን ውልቃውን ዝንባሌታት ዘለዎም ስሱዓት ከጥሪ ኢዩ ሓንጺጹ። ከም ናይ ንግድን ሸቐጥን ትካላት ዝይኮነ ወፍሩ ኣብ ፖለቲካዊ መበገሲ ዘለዎ ምስፍሕፋሕ ዘለዋ ትካል ኢዩ ከቐምጥ። ብግዳም ሲቪላዊ ምምሕዳር ከም ዘለዋ ሽፋን ይገብር፣ ብውሽጢ ግን ወተሃደራዊ ትሕተ ቅርጺ ዘለዋ ፖለቲካዊት ኣሃዱ ክትከውን ኣለዋ። ኣብ ኩሉ ዓይነት ምሕደራዊ ቅርጺ ዓለምና ትኽተሎ ኣሰራርሓን ቅርጽን ትካሉ ኣይትቕበልን። መንግስታዊ ቅርጺ፣ ናይ ሚኒስተራት፣ ምክፍፋል፣ ክፍለ-ምምሕዳራት፣ ኣውራጃ፣ ወረዳ፣ ዓዲ ዝበሃል ምስ ታሪኽን ኣመጻጽኣን ዘይምቕባል መደብ። በቲ ካልእ መዳይ ድማ ብሄር፣ እንዳ፣ ስድራ-ቤት ይነጽግ። እታ ናብ ኩሉ መሳገሪት ኤርትራ ስለ ዝኾነት፣ ከም መደብ ኣብ ናቱ ላቡራቶሪ ብስነ ፖለቲካዊ ስነ-ቀመማት ዝተማህዘት ክትከውን ኣለዋ። ከም ኣብነት ናይ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ኢየ ሰምየ። እሱ እውን እቲ ከም ከሚካላዊ ስነ-ቀመም ክስራሕ ዝመደበ ለባም ንጥረ-ቀመም ስለ ዝኾነ። ወሃ ዘበለ ብኹሉ መለክዒ ድማ ሓሊፉ ረብሕኡ ዝሓለወ ብኢሰያስ ዳግመ ትውልዱ ዘበሰረ ፍጢሩ እንተ በልክዎ ዝከሓድ ኣይኮነን። ካልኣት መሪሕነታት ግን ኣብ ምምካኾም ዲዩ፣ ኣብ ምውሃዶም ገለ ህዋሳዊ ጎዲልዎም ወይ ድማ ናቱ ስነ-ባህሪ ዘየስተውዓለሎም ከይኑ ክስርሑ ከለዉ ኣሸጊሮሞ ሰናኒዑ ዝሰርሖም እውን ኣለዉ።

ገለ ተጋደልቲ ብፍላይ ኣብ ናይ ምሁራት ጉጅለ ኣብ ጉዕዝኡ ዘሸግር ውኖን ዝገመትዎ ውጥን ከም ዘተኣታተወ ዘስተብሃሉ ነይሮም። ድሕሪ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፣ ውግእ ሓድሕድ ተባሪዑ። እቲ ቀንዲ መበገሲ ሜዳ ኤርትራ ክልተ ውድባት ኣይጸውርን ኢዩ ዝብል ሕንጻጽ ተሓኤ ኢዩ ዝብል ፖለቲካዊ ትምህርቲ ስለ ዝተራብሐ፣ ኣብ ገጋደልቲ ዓቢ ስክፍታ ምፍጣሩ ነይሩ። ነፍስ-ወከብ ክልተ ዓውደ-ግንባራት ዘለዎ ውግኣት ከካይዳ ጀመራ። ሕራይ ምስ ናይ ኢትዮጲያ ሰራዊት ምጥምጣም ቅቡል ክኸውን ከሎ፣ ናይ ሓድሕድ ኩናት ግን ዘይምኽንይን ዘይጠፍእ ቁስልን በሰላን ኣብታ ሃገር ከም ዝገድፍ ተራእይዎም። ብፍላይ እቲ ጀብሃ ክትሓቕቕ ኢያ ዝብል መርገጺ ህዝባዊ ሓይልታት ብጣዕሚ ዘስግን ናይ ውግእ ዓዳምን ገይሮም ዝጠመትዎ ነይሮም። ነዚ ናይ ተጋደልቲ ርእይቶ ዘስገኦ ኢሰያስ ገለ ነገር ክበላሓት ነይርዎ። ተሓኤ ወካሊት መሳፍንትን ብርጅዋን ስለ ዝኾነት ብውሽጣ ኢያ ትሓቕቕ ዝብል ተወሳኺ መግለጺታት ኣንበረ። ይኹን እንበር መሰረታውያን ተጋደልቲ ናይ ክልቲኤን ውድባት ነዚ ጉዳይ ብኸመይ ይመዝንዎ ዝብል ውሽጣዊ ክትዕ ቦቐለ። ክልቴና ኣሕዋት ኢና፣ ጉዳይና ከነመዓራሪ ብኸመይ ዘይንዛራረብ ዝብል ርእይቶ ክዝረበሉ ጀሚሩ። ከምቲ ዝኾነ ይኹን ሓዲሽ ሓሳብን ኣወንታዊ ርእይቶ ክቦቕል ከሎ፣ ሃንደበት ብገለ መዳይ ናይ ውግእ ግጥም ይብገስ። ምስ እቲ ኩሉ እውን ተጻዋሪ ባህሪ ተጋደልቲ ንውሽጣዊ ሽግራት ንምፍታሕ ዝሓለነ ንጡፍ ተራ ካብ ምጽዋት ዓዲ ኣይወዓለን። ብናይ ኢሰያስ መናፍሕ ግን እቲ ናይ በትሪ ምውጥዋጥ ናብ ተሓኤ ዝቕንዐ ኢዩ ነይሩ። ጽሕፋት እታ ውድብ እውን ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ክልተ ውድባት ጥራይ ዘይኮነስ፣ ዝፈላልየና እንታይ ነይሩን ኣሎን፣ ዝፍተሓሉ ድማ ብክልቲኤን ውድባት ጥራይ ዘይኮነስ፣ እቲ ዝምልከቶ መላእ ህዝቢ ተርኡ ከይጻወት መን ኣጊድዎ ኣሎ ዝብል ሕቶ ኢዩ ተነጣጢፉ። ናይ ክልቲኤን ውድባት ክፍሊ ህዝቢ ነናቶም ውድባት ይውድቡ ብምንባሮም እቲ ሻራነት መልክዕ እንዳ ሓዘ ምምጽኡ ብጣዕሚ ናብ ዘስግእ መድረክ ከም ዝድይብ እውን ክበርህ ከኣለ። ባዕሉ እቲ ውድብ ንዋህዮታትና ,,ዋህዮ ንየው በላ፣ ምፍልላይ ዝኣመላ“ ተባሂሉ ከም ዝድረፍ ክገልጽ ጀመረ። ምፍንጫል ህዝቢ ቅቡል ከም ዘይኮነ ርዱእ ኢዩ። ክልተ ውድብ ኣይኮነን ዝጽላእ፣ እንታይ ደኣ ክልተ ወተሃደራዊ ሰራዊት። ንዝኾነ ናእሽቱ ግርጭታት ናብ ኩናት ገጹ ከድህብ ምጅማሩ፣ ዘየደቅስ ሕማም ኢዩ ነይሩ።

ድሕሪ ናይ ወከ-ዛግር ኩናት ሓድሕድ እቲ ውሽጣዊ ጉዳይ ህዝባዊ ሓይልታት ገንፈለ። ርክብ ምስ መሰረታውያን ክጅመር ኣለዎ ዝብል ምንቅስቓስ ተግደልቲ ተጀመረ። ምስ ናይ ተሓኤ ተጋደልቲ ብቐጥታ ርክብ ተኻየደ። ኣብ ነገርና ሓደ ተጋዳላይ ህዝባዊ ሓይልታት ምስ ናይ ተሓኤ ክዛረብን ክመያየጥን እንድሕሪ ተራእዩ ተሳሒቡ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ኢዩ ዝዓልብ። ብድሕሪ ምእሳሩ ጃሱስ ኢዩ ነይሩ ዝብል መበገሲኡ ዘይተፈልጠ ዜና ይዝርጋሕ። ነዚ ኹሉ ፈንጺጎም መሰረታውያን ተጋደልቲ ርክቦም ኣስፊሖም ንመሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ፈንጺጎም ሓንቲ ሽማግለ ኣብ ሰምየናዊ ባሕሪ ኣቕሙ። እታ ሽማግለ ምስ መሰረታውያን ተጋደልቲ ናይ ርክብ መደብ ኣውጸአት። ኣብ ዓዲ ቢደል ርክብ ናይ ክልቲኤን ውድባት ምስ ካብ ህዝቢ ዝወጸኡ ሽማግለታት

ተቖጽረ። ኣብታ ዕለት እቲኣ ህዝባዊ ሓይልታት ውግእ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ካርነሽም ጀመረት። ነቶም ሽዱሽተ ሽማግለ ተጋደልቲ በቲ ህጹጽ ኩነታት ኣብቲ ርክብ ከይከዱ ተኣገዱን ተኸልከሉን። ብለይቲ ገለ ካብ ህዝባዊ ሽማግለታት ናብ መሪሕነት መጺኦም፣ ንምንታይ ነቶም ሽማግለታት ምስ ኣሕዋቶም ከይራኸቡ ከም ተኸልከሉ ዝብል ሕቶ ኣንበሩ። መልሲ መሪሕነት ,,ሎሚ ንመግዛእቲ ኣምሓራ ዓኾኻይ ኢልና ነውጽኣሉ ኢዩ፣ እንበር ናይ ምምይያጥ ግዜ ኣብ መጻኢ ክቕል ይከኣል“ ኢሎም መለስዎም። ሽዱሽተ ኣባላት ሽማግለ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብቲ ውግእ ዘይምስታፎም ብመጠኑ የጉድልዎ እንበር፣ ንሃገራዊ ሓድነት ጽቡቕ መንጸፍ መንጸፉ ነይሮም። እዚ እውን ሓደ ዓቢ ዓወት ኢዩ ነይሩ። እወ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብቲ ናይ ውግእ ግጥም ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝነኣድ ዓወት ኣመዝጊባ፣ ግን እቲ ዝዓበየ ዓወት ናይ ሓድነት ምንጻም ምኾነ። ንግዝኣት ደርጊ እውን ዓቢ ራዕዲ ምፈተረሉ። ህዝቢ ነቲ ፍልልያት መታን ከይደፍኣሉ እቲ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት መታለሊ ፕሮፓጋንዳ ዝተጠቐመሉ፣ ህዝባዊ ሓይልታት ኢያ ንመግዛእቲ ኣምሓራ ዘቢጣ ተድመዓሉ ዝብል መናፍሕ ተፈነወ። ጥምርቲ ሃገርን ጥሙር ሰራዊትን ኢዩ ህዝቢ ዘድሕን እንበር ኣብ ክልተ ተጎዚኻ ዝካየድ እሞ ኣብ ርእሲኡ ክልተኻ እንዳ ተገጫጨብካ ተምጽኦ ዓወት ናብ ሰፊህን ዝርገሐን ዘለዎ ህዝባዊ ፍልልያት ከም ዘእትወካ ብሩህ ክኸውን ነይርዎ። ብድሕሪ ካልኣይ ሃገርዊ ጉባኤ ተሓኤ ስምረትን ምትሕንፋጽ ተጋደልትን ከም ሕንጻጽ ጸደቐ። ኢሰያስ መደቡ ከም ዝዕንቅፍ ስለ ዝፈለጠ ድማ ,,የለን ብመስመሪ ጉባኤ፣ ወይ ብደረጃ ስሙር ግንባር“ ዝብል ካልእ ሜላ ፈጠረ። ንተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ድማ ተሓኤ ንስኹም ኣይትፈልጥዋን ኢኹም፣ ንሕና ገዳይም ተጋደልቲ ስለ ንፈልጣ ግን ብደረጃ መሪሕነት ነቲ ስምረት ብግቡእ ከነውሕሶ ኢና ክብል መደረ። ነቶም ምስ ተሓኤ ዝተራኸቡ ድማ ግዜ መጢጡ ኣሰሮም። ገለ ተረፍ እውን ኣብ ጀርመን ካብቶ ሽማግለታት ኣለዉ። ንምንታይ ኣይጽሕፉን ግን ዘገርም ጉዳይ ኢዩ። ካብቲ ንሳቶም ዘህለፍዎ ሽግር ዝዓቢ ጸባባ የለን። ናቶም ምብጋስ ዝተጸልዉ ብዙሓት ተጋደልቲ ነይሮም። ኣብቲ ውድብ ብግሉጽ ክትካታዕን ርእይቶኻ ክትህብን ዘፍቀድ ይኹን እንበር፣ ካልእ ውሽጣዊ ሕማም ኢዩ ነይሩ። ዳግመ መንካዕ እንዳ ተባህለ ብዙሓት ተጋደልቲ ኢዮም ተኣሲሮም። ካቶም ኣዝዮም በላሕትን ንስምረት ሃቂኖም ነቲ ውድብ ብውሽጢ ክሓቕንዎ ዝጀመሩ ከም በኣል ዶክቶር ኢዮብ ገብረልኡልን ብጻይ ጎይትኦም በርሀን ንምጥቃስ ግቡእን ሓላፍነታውን ኢዩ። ርክባቶም ምስ ተጋደልቲ ተሓኤ ድማ ደረት ኣይነበሮን። ክልቲኦም ድማ ብሞት ተቐጺዖም። ተጋደልቲ ሽግራት ክመጽእ ከሎ፣ ካብ ኣቃውማ ቅርጺ ክልወጥ ይግበር። ካብቲ እኩይ ተግባራት፣ ሓይልታት ዝነበራኣ ናብ በጦሎኒ ክሳገራ ተባሂሉ ሓዲሽ በቲንካ ምትሕንፋጽ ይመጽእ። ናይ ሓደሽቲ ዋሕዚ ስለ ኮነ ኢልካ ዝተኻየደ ኣብቲ ምትሕንፋጽ ነቶም ምኩራት ትብትኖም። እቶም ሓደሽቲ ድማ ሓንቲ ዝዓይነታ ዓማ ትብል መዝሙር ኢዮም ዝዝምሩ። ናይ ጓይላ መውጽኢት ደርፎም ኢያ። እቲ ነባርን ምኩርን ተጋዳላይ ብውሽጠ ውሽጢ ኣድሓርሓሪ፣ ንኡስ ብርጅዋ እንዳ ተባህለ ይጽየፍ። ይንጸል ካብ ኩሉ ከም ዝግለል ይግበር። ኣብ ውግእ ድማ እቲ ቀዲሙ ዝስዋእ ንሱ ኢዩ። እንተዘይ ተሰወአ ከም ተራ ተጋዳላይ ስለ ዝምደብ ምስቶም ንቕሓቶም ክብ ዘይበለ እሞ ብርክት ዝበሉ ተጋደልቲ ርእይትኡ ከይገልጽ ካብ ተኻታታል ሜላ ጀሚርካ ብዝይ ርድኦም ዝተዓሰቡ ኣብ መስርዕ ክልተ ወይ ሰለስት ሰሚዖም ንመራሒ ዘቀባብሉ ሰለይቲ ኣብ ምሰርዕ ምንባሮም ዘሕምምን ነብስኻ ዘጽልእን ተዘክሮ ኢዩ። ተነጺልካ ከም እንስሳ ዘግዳም ትሕቲ ጽላል ትድቕስ። ትርኢዎዶ ኣለኹም ሕማም ኢዩ ዘነጽሎ ዘሎ ተባሂልካ ኣብ ነቐፌታ በቶም ዝይትፈልጠም ግን ተሓጺቦም ዝተወደቡ ሓደሽቲ ተወሰኽታት ኣብዚኣ እባ ከምዚ ኣላታ እንዳ ተባህለ ሓመድካ ትስሕን። ብሓቂ ህዝባዊ ሓይልታት ኮነ ህዝባዊ ግንባር ውሽጣውሽጢ ከንደይ ንጹሃት ሃገራውያን ኣኸሲራትና ኢያ። ሕጂ እውን ደቅና ብኸምዚ ተሓጺቦም ናይ ርካን ግዕጋዕ ኣባህሪርዎም ኣብ ዘይውዱቕ ይወድቁ ኣለዉ።

እቲ ሎሚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣምበነርኪኹዎ ዘሎ፣ ኣቐዲሞም ዝረኣይዎ ጀጋኑ ተጋደልቲ፣ ንብረት ህዝቢ ኮነ ነገራዊ ገንዘብ ኣብ ኢድ ህዝባዊ ምቁጽጻር ዘይኣትወ ወይ ክኣቱ ነይርዎ ስለ ዝበሉ ኢዮም መትከላዊ ሕቶኦም ከም ዝስውኡ ዝገበሮም። ሰራዊት፣ ጸጥታ፣ ዕጥቂ፣ ፈሳሲ ሓይሊ ገንዘብ በይኑ ወኒኑ ሃገር ጅሆ ሕዝዋ። ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ኮነ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ብመደብ ዝለኣኽ እንበር ክመርሕ ወይ ናይ ምምራሕ ዝበቅዕ ዜጋ ኣይፈረየን። ሕጂ እውን እንተኾነ ህዝባዊ ተበግሶ እንበር ኣብታ ውድብ ዝተመልመለ መርሐ ማለት ዘበት ኢዩ። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ከም ሓደ ጥሩፍ ሃይማኖታዊ ወይ ናይ እምነት ዝተወጠረ ምስ ኩሉ ዘየሰማምዕ ባህሪ ኢዩ ዘጥሪ። እምነት ዝብል ሓቀኛ ናይ ፖለቲካ መምዘንን፣ ናይ ምይይጥ ሜላን፣ ምሃብን ምቅባልን ዘይመረጹን ብድርቅናን ዝተባዕጡ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ኢያ እዛ ውድብ ኣፍርያ። ናታ ዘይንቡር መለክዒ ኣልቦ ዝኾነ ንሳ ግን ፍልጠት ትብሎ ምዕባለን ዝመሳሰል ፍሉይ ሕንጻጽ ስለ ትኽተል፣

እቲ በታ ውድብ ዝኽተል ስርሓት-ስቱድዮ ኢሰይስ ኢዩ ክትብሎ ትደፍር። ዘሕዝን ግን ሓቂ ሙኻኑ ኢዩ። ኣብ ዝኸዱ ይኺዱ፣ ንዕቀትን ድርቅናን፣ ናይ ምንጻልን ጽልእን ዓቕሞም ኣዝዩ ልዑል ኢዩ። ነዞም ሎሚ ነብሰ-ቅትለት ዝገብሩ ኣቐድም ኣቢሎም ጃፓናውያን ሎሚ ድም ናይ ማእከላይ ምብራቕ ኣሸበርቲ ዝፍጽምዎ ብዜናን ብሓበሬታን ክትርኢ ከላኻ፣ ንሰብ ይገርሞ ይኸውን። ግን እቲ ቀንዲ ድማ ሓንጎል ምሕጻብ ዘኸትሎ ጠንቂ ኢዩ (Brain wash) ናይዛ ብውድብ ኣቢላ ናህ ህግደፍ ቀጽላ ኣብ መንበር ስልጣን ዝደየበት መሪሕነት ሕማም ኢዩ እቲ ቀንዲ ጠንቂ።

ሃገር ዝጸንሓ ታሪኽን፣ ዘገምታዊ ጉዕዞን ንምቕያር ብዙሕ ትዕግስቲ የድሊ። ንኢሰያስ እውን ንመላእ ሕብረተ-ሰብ ከም ብሓሺሽ ዝኸርደደ ወኑን ሃሙን ዝስሕተሉ መስመር በብቑሩብን ብመለክዒ እናናሻዕ ዝወሃብ መጠን ኢዩ ፈትዩ ከም ዝውዝሕ ተገይሩ። ሎሚ እቶም ብመናፍሕ ዘይወሓጡን ዘይተቐየሩን በቶም ዝወሓጡን ዝተቐየሩን ተዳሂሎም ብልሃቱ ጠፊእዎም ክትርኢ ከላኻ ናብ ቅባጸት ገጹ ዘምርሕ መሲሉ ይረአ ይኸውን። ኮይኑ ግን ናይ ሃገር ሕማም ቀልጢፉ ክፍወስ ከም ዝኽእል ካብ ጀርመን ጃፓንን ንላዕሊ ኣብነት ክርከብ ኣይከኣልን። እቲ ቀንዲ መፈወሲ ድማ ነቶም ብቱሑት ዓቐን ዘለዎ ወልፊ ዝጀመሩን ድሓር ናህሪ እንዳ ወሰኸ ዝኸይድ ናብ ልዑል ናይ ኣብ ምምብርካኽ ዓንኬል ዝኣተዉ ፈሊኻ ምልላይ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣብ ናይ ኢሰያስ ላቦራቶሪ ዝተቐመሙ ኣይኮኑን እቶም ቀንዲ ሽግር። እቶም ቀንዲ ሽግር ድም በሃፋን ብትክን ዝተመረዙ ናይ ግዳም ሕሙማት ኢዮም (ኣብታይ ዓድናስ ካብተን ጸጊበን ዝዕንድራስ፣ ዓንዲረን ኢለን ዝዕንድራ ይበዝሓ) ዝብል እቲ ቀንዲ ጠንቂ። ክዳን ብጹሩይ ማይን ሳቡናን፣ ምስ ሩካን ሓዊስካ ምሕጻብ ጸረየ ማለት ዘበት ኢዩ። ነቶም ዝሓመሙ ንምጽራይ ጽሩይ ኣየፍ ምፍጣር ኢዩ እቲ ቀንዲ መንሂ መድሃኒት። ሰብ ይመውት ሃገር ግና ኣይትመውትን ኢያ። እቲ ቀንዲ ብልሃት ከይሰልከኻ መድሃኒት ምንዳይ ኢዩ። ትስፍውን ዘይትስፍውን ዝበሃል ፍልልይ የለን። ርትዓዊ ኣሰራርሓን ካብ ባዕላውን ዘይተጨበጠ ኣሰራርሓን ምፍላይ እንበር። እተን ወይ እትም ሕሙማት እንታይ ይመስሉ ከም ኣብነት ንምልላይ ኣብ ባዓላት ወይ ፈስቲባላት ናይ ህግደፍ ምስትብሃል የድሊ። ደቆም ወይ ደቂ ሃገሮም እንዳ በረሱ ከለዉ፣ ሃገሮም ኣብ ዝላዓለ ናይ ምዕባለ ጥርዚ ከም ዝበጽሐት ግዲ መሲልዎም፣ ወይ ኣምልኾት ናይ ኢሰያስ ጀኒንዎም ቀልቦም ክሳብ ዝስሕቱ ፍሉይ ተግባር (ብፍላይ ኣብ ሳዕስዒት) ክትዕዘቡ ትኽእሉ። ሎሚ ሃገርና ተደኒሳ ከላ ተኸዲና ኣየምሕረልና፣ ተሰሊምና እውን ኣይንምልከዕ። እዋን ሓዘንን ብኽያትን ዓሲሉና ከሎ፣ መርዓና ብውሕዱ 1000 ዕዱማት፣ ኣብ ተቓውሞ ድማ ትሕቲ 50 ዜጋታት ንርከብ። መጥፍኢና ተበሪሁና ዘሎ ኢና ንመስል ዘለና። ብዘይ ሃገር ክብረት የለን። ህዝቢ ከይተሓቛቖፈ ሃገራዊ ውሕስነት ክንረክብ ማልት ዘበት ኢዩ። ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ ምህላው ጸገም ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ጸገም ዘይምጽዋዋር ኢዩ። እዚ መንግስቲ ኢየ በሃሊ ከም ዘይንጻዋወር ገሩ ፋሕ ጭንግራሕ ኣእትዩልና ኣሎ። ሃገር ከም ዝደልዮን ዝጥዕሞን ገይሩ ጎዛዝዩ በቲንዋ ኣሎ። ሃገርና ሎሚ ነብሳ ክትከላኸል ትኽእል ሃገር ኣይኮነትን።  ንዕቀት ህዝቢ ዝገርመኩም ሓደ ናይ ጥዕና ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ ሃብቲ ዓሳ ሚኒስተር ሓሚሙ ንቡር ሞት ሞይቶስ፣ እታ ንብረት ኢሰያስ ዝኾነት ቲቪ ኤረ ንሰሙን ዝኣክል ናይ ሓዘን መደብ ከተካይድ ቀንያ። ኣብ ዝቐበረሉ ዕለት 8 ሰዓታት ፕሮግራማ ምስቲ ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ዝተተሓሓዘ ነይሩ። ግለ ደኾን ክንደይ ይጭክን ኢዩ ትብሉኒ ትህልዉ። ግን ሓቂ ምዝራብ ምስ ጭካነ እንታይ ኣምጽኦ። 75 ኣብ ባሕሪ ብዓሳ ክብልዑ ተነጊሩናስ ከም ህዝቢ ናይ ሓዘን ምልክት ኣይረኣናን። ኣብቲ ቀብሪ እውን ብዓረብያ ዝንቀሳቐሱ ውጉኣት ተጋደልቲ ናብቲ ቀጽሪ ብጾቶም ከይእትዉ ምስቲ ብጻውዒት ኣገዲድካ ዘውጻእካዮ ህዝብ ብመጉልሕ ድማጺ ገርካ ኣብ ደገ ደው ክትብሉ እንበር ኣብቲ ቀጽሪ መቓብር ሓርበኛታት ክትኣትዉ ኣይፍቀን ተባሂሎም ተገሊፎም ክትርኢ ከላኻ ሃገርና ንደቃ ክሳብ ክንደይ ከም ተዋርድ ኣይተዓዘብኩምን። ካብ 1991 ንሃገሩ ከገልግል ዝኣተወ ሚኒስተር ስለ ዝኾነ ስዉእ ተጋዳላይ ክበሃልስ ኣይገርምንዶ። ድሕሪ 24 ግንቦት 1991 እንበኣር ተጋዳላይ ኣብል መግለጺ ክትዕደል ጀሚራ። ክትበልዓ ዝደለካ ኣባጉምባሕስ ደርሆ ትብላ። ወይ ጉድ ናይ ተዓራቕነት ባህሪ ዘርኢ ንሃገራውያን እሞ ኣብቲ ወሳኒ ናይ ምእታው ኣስመራ ዓቢ እጃም ዘበርከቱ ተጋደልቲ ስእሎም ኣብ ቲቪ ኤረ ከይረአ እንዳ ገበርካስ ናይ ሓደ መሳርሒኻ ዝነበረ ሞት ካልእ መልክዕን ግርማን ከተልብስ። ብጻይ ስዩም ሓረስታይ ስለምንታይ ደኣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዘይተቐብረ ወይ ክቕበር ብቲ ተሃቢኡ 25 ዓመታት ዘሕለፈ ሽፍታ ዘይተጸወዐ። ከም ዓዋት በዓል ዲናይ፣ ዑመር እዛዝ፣ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብቲ መቓብር ሃውልቲ ዘይተሰርሓሎም። ናይቶም ጀጋኑ ኣስማት ኣብ ጎደናታት ኤርትራ ማለት ናይ ክልቲኤን ውድባት ስዉኣት ተጋደልቲ ኣስማት ከም መጸውዒ

ዘይተሰምየ። ኢሰያስ ሓደስቲ ዘገልግልዎ መሪሕነት እንበር ነቶም ነባራት ትርጉም ናይ ስርሖም ኣበርክቶን ኣይምልከቶን ኢዩ።

ኣብ ካልእ ጽሕፉት ህዝባዊ ምንቅስቓስ ክሳብ ንራኽብ ጽቡቕ ቅነ ይግበረልና። ሃገርና ሽግራ ክሳብ ዝፍትሕ ቀሲና ክነብር ስለ ዘይንኽእል፣ ተግባርና ኣብ ምንጻህ ሃገና ዝሓለነ ክኸውን ካባይ ማዕዳ ዘድልየኩም ኣይኮነን።

መምህር ተስፉ ዘውደ።

መተሓሳሰቢ፡-

ሓበሬታ ምድሪ ትመሲ ኢ.ያ ዘላ። እቶም ናይ ሓምሳታት ኮን እቶም ናይ ስሳታት መንእሰያት ሎሚ ሽምጊሎ ኣለዉ። ሃገራዊ ስሚዒቶም ኣዝዩ ልዑል ብምንባሩ ካብ ዝነብሮም ጽቡቕ መነባብሮ ራሕሪሖም ተሰሊፎም። ኣብቲ እዋን እቲ ድማ ካብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ሃገራት እዕራብን ብዋሕዚ ኢዮም ተሰሊፎም። ኩሉ መጻኢ ዕድሎም ገዲፎም እምነቶም ኣብ ሃገሮም ኣንቢሮም። ኣዝዮም ብርክት ዝበሉ ካብ ዩኒበርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ልዑል ትምህርቶም የመረቑ ኣይመረቑ ንሃገሮም ተበጂዮም። ንሶም ከኣ መብዛሕትኡ ግዜ ግዳይ ናይ ቃልሲ ኮይኖም ዝሓቐቑ። እቲ ውዑይ ሃገራዊ ስምዒት ሎሚ ክድገም ኣይክእልን። ግን ገለ ገለ ስሕት ኢሎም ብህይወቶም ኣለዉ። ብዙሕ ኣብ ውሽጦም ዘንበርዎ ጉድን ሓቅታትን ንበይኖም ሓቢኦሞን ዓቑሮምን ይሳቐዩ ኣለዉ። ንነብሶም ክብጀዉ ዘይፈርሑን፣ ምእንቲ ህዝቦም ዝኸፈልዎ ናይ ህይወቶምን ናይ ዝሓለፉ ብጾቶም ታሪኽ ምእንቲ ድሕነት ሃገር ከውጽእዎ እላቦ። ሎሚ ኣብ ዝላዓለ ናይ ምጽሓፍ መጻሕፍቲ ሞያ ዝበጽሑ ስነ-ጽሑፍ ዝመልኩ ምሁራት ስለ ዘለዉና፣ ኩሉ ተጻሒፉን ብብሩህ መምሃርን ክኸውን ከንውጽኦ ኣለና። ሃገርና ኣፈታ ናበይ ዝብል ሕቶ ናይቲ ወለዶ እቲ ዝኾና ናይ ሜዳ ስእሊ ንግዳም ከነቃሎየ ይግባእ። ኣብ ናይ ከተማ ስርሒት ዝነበርኩም ድማ ውዕዉዕ ታሪኽ ኣለኩ እሞ ይውጻእ። ሃብቲ ሃገር ስለ ዝኾነ። ኣብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ ኩሉ ክሕባእ ስለ ዝደሊ ዕርቃኑ ይውጻእ። ህዝቢ ታሪኹ ክሰምዕ ናይ ግድን ይኸውን። በዚ ኣጋጣሚ እዚ ነቲ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኣለም ሰገድ ተስፉይ ኣሰሩ ንከተል በሃሊ ኢየ።

መሰታኹም መምህር ተስፉ ዘውደ።